- ናይ አየርን ናይ ሕክምናን ወጪ መንግስቲ ካናዳ ብዝህበካ ልቓሕ ክሽፈን ኢዩ።
- እዚ <u>ለቃሕ</u> ኢዩ፤ ማለት ሙሉእ ብምሉኡ ናብ መንግስቲ ካናዳ ክትመልሶ ዘለካ ገንዘብ ኢዩ። ኣብ ካናዳ ድሕሪ ምእታውካ፤ ኣብ ዉሽጢ 30 መዓልቲ ነቲ ንጉዕዞን ንሕክምናን ተባሂሉ ዝተዋህበካ ገንዘብ ክትመልስ ማለት ክትከፍል ክትጅምር ኣለካ። ኣከፋፍላ በብቁሩብ ክኸውን ይኽእል፤ ብዝሒ ለቃሕካ ኣብ ግምት ብምእታው፤ ምሉእ ክፍሊት ካብ ሓደ ክሳዕ ሽዱሽተ ዓመት ክወስድ ይኽእል።
- ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ስራሕ ረኺብካ ንነብስኻን ንስድራኻን ክትክእል ዕድል ኣለካ።
- ኩሉ መርመራታት ምስ ሓለፍካ እሞ ኩሉ ወረቓቅትኻ ምስ ተዳለወ፤ ኣይ.ኦ.ም. (IOM/OIM) ወይ ካልእ ትካል ናብ መዕረፍ ነፈርቲ ክትወስደካ፤ ነኣኻን ንቅሑትካን ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ከተመዝግበካ፤ ከምኡውን ምስ ናይ ኢሚግረሽን ሓለፍቲ ከተራኽበካን ክትሕግዘካን ኢያ።

<u>**ከም ብመንግስቲ ዝሕገዝ ስደተኛ ኰንካ ኣብ ካናዳ ምእታው**</u>




ብመንግስቲ ዝሕገዝ ስደተኛ ማለት፤ ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ ክሳዕ ን12 ወርሒ ዝኣክል መንግስቲ ካናዳ ናይ ቁጠባዊ ሓገዝ ክገብረልካ ኢዩ ማለት ኡዩ። ከምኡ እውን ንመብዛሕትኡ ናይ ሕክምና አገልግሎት ወጻኢታትካ መንግስቲ ክሽፍነልካ ኢዩ።

- ኣብ ካናዳ ምስ ኣቶኻ አባላት ሓንቲ ንስደተኛታት ኣገልግሎት ትህብ ትካል ኣብ መዕረፍ ነፈርቲ ክቕበሉኻን ክሕግዙኻን ከምኡ ንመጀመርያ መዓልታትካ ኣብ ካናዳ ዘድሊ ምቅርራብ ክገብሩልካ እዮም።
- ተዕርፈሉ ቦታ፤ ማለት ከም መቀበል ኣጋዪሽ ወይ ሆተል ክዳልዉልካ እዮም። እዚ ግዝያዊ ቦታ እዩ፤ ማለት ስጋብ ንዓኻ ዝሰማማዕ እሞ ስጋብ ዝደለኻዮ ግዜ ክትቅመጠሉ ትኽእል ቦታ ዝርከብ።
- መግብን ክዳውንትን ክወሃበካ እዩ፤ ከምኡ ድማ ከማኻ ዝኣመሰሉ ሓደሽቲ መጻእተኛታት ክትረክብ ኢኻ።
- ሰራሕተኛታት ካብ ንስደተኛታት አገልግሎት ትህብ ትካል እውን ሕቶታትካ ክምልሱልካ እዮም።

ኣብ ውሽጢ ውሑድ ሰሙናት፤ ቁጠባዊ ሓገዝ ናይ መንግስቲ ካናዳ ክትቅበል ክትጅምር ኢኻ። እዚ መብዛሕትኡ አድላዪ ዝኾኑ ነገራት ከም እኒ መግቢ፤ አቁሑት ገዛ፤ ክዳውንቲ፤ ካልኦት መሰረታዊ ዝኾኑ ነገራትን ክሽፍነልካ እዩ። ከምኡ ድማ ንገዛ ኽራይን ንመግብን ዝኸውን ወርሓዊ ክፍሊት ስጋብ ሐደ ዓመት ክወሃበካ እዩ። ከምኡ ድማ መንግስቲ ንገለ ናይ ሕክምና አገልግሎት ወጻኢታት ክሽፍነልካ እዩ።

ብተወሳኺ፤ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ዝህባ ትካላት ንመዓልታዊ ናብራኻ ዝጠቅመካ ከም እኒ አውቶቡስ ምጥቃም፤ ናይ ሓኪም ቆጸራ ምሓዝ፤ አገልግሎት ባንክ ምጥቃም ኣለዋ። እዘን ትካላት እዚኣተን ቅጥዕታት ንምምላእ፤ መንበሪ ካርድ ንምሓዝ ንምምልካት፤ ናይ ጥዕና ዋሕስና ንምርካብ፤ ናይ ማሕበራዊ (ሶሻል) ውሕስና ቁጽሪ ንምሓዝ ወዘተ፤ ይሕግዛ። ከምኡ ድማ ናይ ምስቱርጓም አገልግሎት ይህባ። ንብነት ንፍልይ ጉዳያት ከም ንሓኪም ዘድሊ ሓበረታ ምሃብ።

ወሃብቲ ኣገልግሎት ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ብ እንግሊዝን ፈረንሳን ከከም ኣድላይነቱ ይህባ። ቋንቋ ከእለትካ ኻአ ምምዕባል አዝዩ አገዳሲ እዩ ንስራሕ ይኹን፤ ምስ ሕብረተ ሰብ ካናዳ ንምውህሃድ ይኹን።

ዋላኳ መንግስቲ ካናዳ አብ ካናዳ መጀመርያ እግሪ ንኽትተክል እንተ ሓገዘካ፤ ትጽቢትካ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ክኸውን የብሉን። አብ ካናዳ ጽቡቕ ናብራ ንኽህልወካ አበርቲዕካ ንኽትሰርሕ ክትዳሎ አለካ። መጻኢ ህይወትካ አብ ካናዳ፤ ብሓፈሻ፤ አብ ጻዕርኻ ዝተሞርኮሰ እዩ።

